


# ቅድሚ ምድዋል ደወል ቤት ትምህርቲ

ኣብ Waterloo Region ንዝተሓላለኸ/ፍሉይ ድሌታት ዘለዎም ንኣሽቱ ህጻናት ዝድግፉ ትካላት ምስ ቦርድታት ቤት ትምህርቲ ብሓባር ኮይኖም ህጻናትን ስድራቤታትን ናብ ቤት ትምህርቲ ንኽሰጋገሩ ይሕግዙ። ኩሎም ስድራቤታት ዘድልዮም ሓበሬታ ከምዘለዎም ንምርግጋጽ፣ ኩሉ ዝጥቀመሉ ሓደ ኣገባብ ኣሎ። ንስድራቤት ኣብ ምሕጋዝ መሪሕነት ዝወስድ ሰብ ኣሎ እቲ ሰብ ድማ the Referral Source ይበሃል።

እቲ ህጻን ኣብ ፍቓድ ዘለዎ ክንክን ህጻናት ዝካፈል እንተኾይኑ፣ እቲ Resource Consultant ከም the Referral Source ይኸውን። እቲ ህጻን ኣብ ክንክን ህጻናት እንተዘይሃልዩ፣ the Referral Source Family Infant Child Consultant፣ ኣባል ሰራሕተኛ Ontario Autism Program ወይ ድማ ናይ KidsAbility ቴራፒስት ክኸውን ይኽእል።

እዚ ዝርዝር ናይቶም ኣብ መስርሕ ስግግር ዘጋጥሙ ሰለስተ ዓበይቲ ነገራት እዩ፡

1. The Referral Source ኣብ ውሽጢ እቲ ውላድካ ዝመሃረሉ ቦርድ ቤት ትምህርቲ ብውሑስን ብኤሌክትሮኒካዊ ኣገባብን ዝካፈል ናይ ኤሌክትሮኒካዊ ሓበሬታ ንምክፋል ኣብ ፍቓድ ቅጥዒ ንክትፍርም ይሓተካ። እዚ ድማ ቅድሚ ናብ ቤት ትምህርቲ ምእታው ኣብ ዘሎ ዓመት ካብ ወርሒ ሕዳር ኣትሒዙ ክኸውን ይኽእል።
2. School Board Consultant ብዛዕባ ውላድካ ብጸብጻባትን ምስቶም ፍቓድ ዝሃብካሎም ትካላት ብምዝርራብን ሓበሬታ ክእክብ እዩ።
3. ኣድላዪ እንተኾይኑ፣ ሓበሬታ ንምክፋልን ኣብ ወርሒ መስከረም ስሉጥ ምጅማር ንምውጣንን ናይ Transition to School ኣኼባ ክካየድ ይኽእል እዩ። ናይ ስግግር ኣኼባታት ሙብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ጽድያን ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ኣብ መጀመርታ ቀውዒ ዝካየድ ኮይኑ፣ ብተሌፎን፡ ብቪድዮ ኮንፈረንስ ወይ ብኣካል ክሳለጥ ይኽእል።

<u>**ንመእተዊ ቤት ትምህርቲ ምውጣን**</u>

**ቅጥዒ ፍቓድ ሓበሬታ** – The Referral Source ነቲ ወላዲ/ሕጋዊ ኣላዪ መሰረታዊ ሓበሬታ ብውሑስን ኤሌክትሮኒካዊን መድረኽ ኣቢሉ ንቦርድ ቤት ትምህርቲ ንምክፋል ፍቓድ ይሓትት፣ ከምኡ’ውን ቃላዊ ሓበሬታ ብተሌፎንን ብጽሑፍ ጸብጻባትን ኣብቲ ማሕበረሰብ ምስ ውላድካ ምስ ዝነጥፉ ትካላት። ሓበሬታ፡ ስም ውላድካ፣ ኣድራሻ፣ ቤት ትምህርቲ ማሕበረሰብካ፣ ውላድካ ዝረኸቦ ኣገልግሎታትን እቲ ቅጥዒ ናብ መን ከለኣኽ ከም ዝኽእልን የጠቓልል። ብፍቓድካ ድማ፡ ጸብጻብ ገምጋም ውላድካ፣ ውጥን ደገፍ፣ ጥንካረታትን ድሌታትን ክካፈል እዩ። እቲ ናይ ሓበሬታ ምክፋል ፍቓድ ቅጥዒ ምስቲ ውላድካ ዝተመዝገበሉ ቦርድ ቤት ትምህርቲ ይካፈል። ኣስተውዕሉ፡ ንቦርድ ቤት ትምህርቲ ዝልቀቑ ቅጥዕታት ምስ ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርቲ፣ ሰራሕተኛታት ፍሉይ ትምህርቲ ወይ ካልኦት ዝምልከቶም ኣባላት ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርቲ እውን ክካፈሉ ይኽእሉ። ኣድላዪ ኮይኑ እንተተረኺቡ ንተወሳኺ ሓበሬታን ፍቓድን ኻልኦት ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርቲ ክሓቱኻ ይኽእሉ እዮም።

**ኣገልግሎት ቴራፒ ኣብ ስርዓት ቤት ትምህርቲ** – ነቶም ካብ KidsAbility ኣገልግሎት ዝረኸቡ፣ ሰራሕተኛታት ቴራፒ/ፍወሳ ምስ ወላዲ/ኣላዪ፣ መስርሕ ሪፈራልን ቴራፒ ካብቲ ሕጂ ዝወሃብ ዘሎ ብኸመይ ከም ዝፍለን ይግምግሙ።

**ምእካብ ሓበሬታ**– School Board Consultants ካብ ጸብጻባትን ምንጭታት ሪፈራልን ሓዊሱ ካብ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ሓበሬታ ክእክቡ ይኽእሉ። ኣካል ናይ ሓደ ስድራቤት ኣብያተ ትምህርቲ ኮይኖም ኣብ ናይ መዋእለ ህጻናት ናይ ምልላይ መደባት ክዘራርቡኻ ይኽእሉ። ኣብ ገለ ኩነታት፡ ውላድካ ኣብ ማሕበረሰባዊ ቤት ትምህርቱ ንኽመሃር ምምሕያሻት

እንተድኣ ኣድልዩ፣ School Board Consultant ንውላድካ ኣብ እዋን መደቦም ትዕዝብቲ ክገብር ይኽእል። ብድሕሪኡ School Board Consultants ምስ ርእሰ መምህር ናይቲ ውላድካ ዝመሃረሉ ቤት ትምህርቲ ብምዝርራብ ኣገዳሲ ሓበሬታ ክካፍሉ እዮም።

**ምዝገባ – ወለዲ/ኣለይቲ ውላዶም ናብ መዋእለ ህጻናት የመዝግቡ።** ንናይ ምዝገባ ሓበሬታ፣ ናብ ናይ ማሕበረሰብኩም ቤት ትምህርቲ ደውሉ፣ ናይ Waterloo Region District School Board መርበብ ሓበሬታ ኣብ) [www.wrdsb.ca](http://www.wrdsb.ca) ተወከሱ ወይ ድማ ናይ Waterloo Catholic District School Board መርበብ ሓበሬታ[www.wcdsb.ca](http://www.wcdsb.ca) ተወከሱ፣ (ናይ ማሕበረሰብኩም ቤት ትምህርቲ ንምርካብ [ኣብዚ ምጥዋቕ](#) እውን ትኽእሉ ኢኹም)።

ናይ ውላድኩም ናይ ልደት ምስክር ወረቐት፣ ናይ ክታበት መዝገብ ወይ ናይ ካብኡ ናጻ ዝኾነሉ ደብዳበ ካብ Waterloo Region Health Department፣ ናይ ኣድራሻ መርትዖን ዝምልከቶ ናይ Catholic Baptismal Certificateን ንWCDSB ክትወስዱ ኣለኩም።

ደቆም ኣብ ክልቲኡ ኣብያተ ትምህርቲ ማለት እውን KidsAbility Schoolን ማሕበረሰባዊ ቤት ትምህርቶምን ዝመሃሩ ወለዲ፣ ወለዲ/ኣለይቲ ንነፍሲ ወከፍ መደብ ርክብ ብምግባር ውላዶም ኣብ ክልቲኡ መደባት ከም ዝሳተፍ ምሕባር ኣድላዪ እዩ።

**ኣኼባታት ስግግር ናብ ቤት ትምህርቲ** – ንውጥን Transition to School ብዝምልከት ወለዲ/ኣለይቲ ሕቶ ክቐርበሎም ይኽእል እዩ። ኣኼባታት ብተሌፎን ወይ ብቪድዮ ኮንፈረንስ ወይ ብኣካል ክካየዱ ይኽእሉ እዮም። እዚኦም በቲ Referral Source ዝኾነ Meeting Coordinator ዝዳለዉ እዮም። *ፍሉይ ኩነታት፡ KidsAbility Referral Source ኣብ ዝኾነሉ እዋን School Personnel Meeting Coordinator ክኾኑ እዮም።* ኣኼባ እንተተዳልዩ፡ ሓበሬታ ብዛዕባ ጥንካረታትን ድሌታትን ውላድካ ምስ ጋንታ ቤት ትምህርቲ ይካፈል። (Tips for Parents ርአ)

ንገለ ህጻናት፡ Transition to School ኣኼባ ኣድላዪ ከምዘይኮነ ብSchool Consultant፣ Referral Sourceን ወላዲ/ኣላዪን ክውሰን ይኽእል። ኣየናይ ሓበሬታ ምስ ቤት ትምህርቲ ክካፈል ከም ዘለዎን ብኸመይ ከም እተካፍልን ብሓባር ክትውስኑ ኢኹም።

ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን፡ ወለዲ/ኣላዪ፣ ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርቲ፣ ሰራሕተኛታት ቦርድ ቤት ትምህርቲ፣ ከምኡ'ውን ናይ ሕጂ ወሃብቲ ማሕበረሰብ ዘሳትፍ ኣኼባታት Transition to School ይካየድ። *ኣስተውዕሉ፡ ናይ KidsAbility ቴራፒስት ብተለምዶ ኣብዞም ኣኼባታት ኣይሳተፉን እዮም።*

ወለዲ/ኣለይቲ ብዛዕባ ምድላው ናይ ቤት ትምህርቲ ምብጻሕ ክሓቱ ይኽእሉ።

## <u>ሓበሬታ ብዛዕባ ናብ ቤት ትምህርቲ ስግግር ኣኼባ</u>

**እዚ ኣኼባ መዓስ እዩ ክኸውን?**

· ኣድላዪ እንተኾይኑ፡ ውላድካ ኣብ ወርሒ መስከረም ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሩ፣ ኣብ ጽድያ ወይ ቀውዒ ናይ Transition to School ኣኼባ ክካየድ ይኽእል።

· ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት፡ Referral Source ውላድካ Resource Consultant፣ ኣባል ሰራሕተኛ Autism Program፣ ወይ Family Infant Child Consultant እንተኾይኑ፣ ክልቲኦም ወላዲ/ኣላዪን ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርትን ክሳተፉ ዝኽእሉሉ ዕለትን ሰዓትን ከዳልዉ እዮም።

· እቲ ኣኼባ ብግምት ካብ 45-60 ደቓይቕ ክውድእ እዩ።

**ዕላማ ናይዚ ኣኼባ እንታይ እዩ?**

· ቤት ትምህርትኻ ብሓጎስ ክቕበለካ ይደሊ፣ ውላድካ ኣብ ምድላው ቤት ትምህርቲ ጽቡቕ ደገፍ ከም ዝረክብ መረጋገጺ

ንክህበኩም ድማ ተስፋ ኣለዎ።
· ኩሎም ኣብቲ ኣኼባ ዝሳተፉ ሰባት ብዛዕባ ጥንካረታትን ድሌታትን ውላድኩም ንቤት ትምህርትኹም ሓበሬታ ከካፍሉ እዮም።
· ናይ ሓባር ውጥን ክጅምር እዩ እዚ ድማ ውላድካ ኣብ ቤት ትምህርቲ ስሉጥን ዕዉትን ጅማሮ ንኽህልዎ ዝሕግዙ መንገድታት ከለሊ እዩ።

**ኣብዚ ኣኼባ መን ክሳተፍ እዩ?**
· ንስኻ ኣብቲ ኣኼባ ክትህሉ ኢኻ። (በጃኹም ምስ ናትኩም Meeting Coordinator ንመን ናብቲ ኣኼባ ክትዕድሙ ከም እትኽእሉ ዳግም ርኣይዎ)።
· ወሃቢ ክንክን ህጻናትካ፡ Resource Consultant፣ Family Infant Child Consultant፣ ወይ ድማ ኣባል ሰራሕተኛ Autism Program፣ ከምኡ'ውን ንውላድካ ኣብ መዋእለ ህጻናት ዝድግፉ ሰራሕተኛታት School Board ክሳተፉ ይኽእሉ።
· **ኣስተውዕሉ፡** KidsAbility Physiotherapists፣ Occupational Therapists፣ Speech-Language Pathologistsን Social Workersን፣ ፍሉይን ዝተሓላለኸን ኩነታት እንተዘይሃልዩ፣ ነዞም ኣኼባታት ኣየዳልዉን ወይ ድማ ኣይሳተፉን እዮም።
· ኣብቲ ኣኼባ ደጋፊ ሰብ ከም ኣባል ስድራቤት ወይ መሓዛ ሒዝካ ክትመጽእ ትኽእል ኢኻ።
· ውላድካ ናብ ኣኼባ ሒዝካዮ ኣይትምጻእ። ብዛዕባ ካልእ ዕድል ውላድካ ምስቶም ካብ ቤት ትምህርትኻ ዝመጹ ሰባት ክራኸብ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።
* *መምህራን መብዛሕትኡ ግዜ ክሳብ መወዳእታ ዓመት ኣብቲ ዝምህርዎ ክፍልታት ስለዘይምደቡ፣ መምህር መዋእለ ህጻናት ውላድኩም ኣብዚ ኣኼባ እዚ ዘይክህሉ ይኽእል እዩ። ካብቲ ቤት ትምህርቲ ካልኦት ሰባት ኣብኡ ክርከቡ እዮም፣ ድሕሪ ግዜ ድማ ብዛዕባ ውላድካ ዝምልከት ሓበሬታ ምስ መምህርም ከካፍሉ ዕድል ክረኽቡ እዮም።*

**ነቲ ኣኼባ ብኸመይ ክትዳሎ ትኽእል፡**
· ሕጂ ምስቶም ምስ ውላድካ ዝሰርሑ ሰባት ተዘራረብ። ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም! ኣብቲ ኣኼባ ንኹሉ ሰብ ብዛዕባ ውላድካ ክትነግሮ ዕድል ክትረክብ ኢኻ። ኩሉ ሰብ ንክዛረብ ዕድል ስለዘድልዮ ነዊሕ ኣይክኸውንን እዩ፣ እንተኾነ ግን ኣዝዩ ኣገዳሲ ክፋል ናይቲ ኣኼባ ክኸውን እዩ።
· ንውላድካ ምስ ኩሉ ሰብ ንምልላይ ዝሕግዘካ ነገር ናብቲ ኣኼባ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት ንኹሉ ሰብ ስእሊ ወይ 'All About Me' ዝብል ፓኬጅ ከተርእዮ ትኽእል ኢኻ።
· እቲ ቤት ትምህርቲ ክሰምዖም እትደልዮም ቀንዲ ነጥብታት ኣቐዲምካ ብምድላው ምሳኻ ክትወስዶም ጽሓፎም፣ እዚ ድማ ንክይትርስዖምን ንክትሓቶምን ይሕግዘካ።

· ከም ኣባል ስድራቤት ወይ መሓዛ ዝኣመሰለ ሰብ ምሳኻ እንተሃልዩ፣ ነቲ ሰብ ኣብ እዋን ኣኼባ ብስምካ ገለ መዘኻኸሪታት ክወስድ ክትሓቶ ትኽእል ኢኻ።

**ኣብቲ ኣኼባ እንታይ ክኸውን እዩ?**
· መብዛሕትኡ ግዜ Meeting Coordinator ወይ School Principal ነቲ ኣኼባ ይመርሑን ቃለጉባኤ ከም ዝተታሕዘን ድሕሪኡ ናብ ኩሉ ከም ዝለኣኽን የረጋግጹ።
· ንዓኻ ሓዊሱ ኩሉ ንውላድካ ዝፈልጦ ብዛዕባ ውላድካ ንክዛረብ ሓጺር ተራ ክህልዎ እዩ።
· ካብቲ ቤት ትምህርቲ ዝመጹ ሰባት ንውላድካ ክርድእዎ ምእንቲ ክሰምዑን ሕቶታት ክሓቱን እዮም። ብዝተኻእለ መጠን ብዛዕባ ድሌታት ውላድካ ብቕንዕና ተዘራረብ ምኽንያቱ እዚ እቲ ቤት ትምህርቲ ንውላድካ ንምድጋፍ ብዝበለጸ ድልው ንክኸውን ስለዝሕግዞ።
· ኣብዚ ኣኼባ ገለ ቀጻሊ ስጉምትታት ክውጠኑ እዮም፡ እንተኾነ ግን ብዙሕ ዝርዝራትን ናይ መወዳእታ መደባትን ኣብዚ ኣኼባ ዘይክውሰኑ ይኽእሉ እዮም።
· ገለ ቅጥዕታት ከም ናይ ሪፈራል ቅጥዕታትን ናይ ፍቓድ ቅጥዕታትን ንክትፍርም ክትሕተት ትኽእል ኢኻ።
· ሕቶታት ሕተትን ብዛዕባ ዝኾነ ሓሳብ፣ ሕቶታት ወይ መደብ ርግጸኛታት እንተዘይኮንካ ንነብስኻ ክትሓስብ ግዜ ሃብ።
· ኣብ ዝቕጽሉ ሒደት ኣዋርሕ ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ንመን ክትረኽብዎ ከም እትኽእሉ እውን ሕተቱ።

**ኣብ 'All About Me' እትብል ንእሽቶ መጽሓፍ እንታይ ከካትት ኣለኒ?**

እቲ ሓበሬታ እዞም ዝስዕቡ ከጠቓልል ይኽእል እዩ፡

- ስእሊ ውላድካ
- ሓበሬታ ብዛዕባ ስድራቤት፣ ኣሕዋት፣ እንስሳ ዘቤት
- ቃላት ብዓይኒ ቆልዓ
- ሰባት ንዓይ ንምግላጽ ዝጥቀሙሉ ቃላት (ንኣብነት ሕጉስ፣ መስሓቒ፣ ሓለቓ፣ ስሚዒታዊ)
- ናይ ብሓቂ ንፉዕ ዝኾንኩሎም ነገራት (ንኣብነት ዝፈትዎም ነገራት፣ ፍሉይ ተገዳስነት)
- ብድሆታተይ (ንኣብነት ዘጭንቑኒ ወይ ዘሕርቑኒ ነገራት)
- ዝሰርሑ ስትራተጂታት (ንኣብነት ብዛዕባ ምስግጋር ዘጠንቅቑኒ ስእልታት፣ ህድእ ኢለ ንኽጸንሕ ዝሕግዙኒ ቁልፊ ቃላት)
- ብሓቂ ክትፈልጦም ዘለካ ነገራት (ንኣብነት ኣለርጂ፣ ስክፍታታት ኣመጋግባ፣ መድሃኒታት)
- ንስኻን ውላድካን ኣብዚ ዓመት ብሃንቀውታ እትጽበይዎ

**መዓስ እየ ናብቲ ቤት ትምህርቲ ክበጽሕ ዝኽእል?**

- ኣብ ወርሒ ሰነ ወይ ኣብ መወዳእታ ሰሙን ወርሒ ነሓሰ ብዛዕባ ዝግበር ምብጻሕ ንምሕታት ምስ Principal ወይ ንSecretary ቤት ትምህርቲ ኣዘራርቡ።
- ኣብ ቀዳመ ሰንበት ወይ ድሕሪ ናይ ትምህርቲ ሰዓታት ምስ ውላድኩም ናብ መጻወቲ ቤት ትምህርቲ ብምኻድ ኣብቲ ሓድሽ ቤት ትምህርቲ እንታይ ክትጽበዩ ከም ዘለኩም ተዘራረቡ።

<u>**ኣሕጽሮተ ቃላትን ትርጉማቶምን**</u>

| **ሽም** | **ኣሕጽሮተ ቃል** | **ትርጉም** |
|---|---|---|
| Home and Community Care Support Services- Waterloo Wellington (ኣገልግሎት ደገፍ ክንክን ገዛን ማሕበረሰብን- ዋተርሉ ዌሊንግተን) | **HCCSS** | እዞም ሰብ ሞያ እዚኦም ብዛዕባ ድሌታት ጥዕናኻን ፍወሳኻን ዝምልከት ገምጋምን ምኽርን ይህቡ |
| Home and Community Care Support Services - School Health Support Services (ኣገልግሎት ደገፍ ክንክን ገዛን ማሕበረሰብን - ኣገልግሎት ደገፍ ጥዕና ቤት ትምህርቲ) | **HCCSS-SHSS** | Home and Community Care Support Services - School Health Support Services (ኣገልግሎት ደገፍ ክንክን ገዛን ማሕበረሰብን - ኣገልግሎት ደገፍ ጥዕና ቤት ትምህርቲ) |
| Full-Day Kindergarten (ናይ ምሉእ መዓልቲ መዋእለ ህጻናት) | **FDK** | ንደቂ ኣርባዕተን ሓሙሽተን ዓመት ህጻናት ማእከል ዝገበረ፣ ንዕብየት ዝምጥን፣ ዝተዋሃሃደ፣ ናይ ሙሉእ መዓልቲ (ዝተናውሐ) ትምህርቲ እዩ። |
| Individual Educational Plan (ውልቃዊ ትልሚ ትምህርቲ) | **IEP** | ናይ ጽሑፍ IEP ብመምህራንን ወለድን ዝዳሎ ኮይኑ፣ ሓደ ቆልዓ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዕዉት ንክኸውን ዝሕግዝ እዩ። |
| Identification, Placement and Review Committee (ኮሚቴ ምልላይ፣ ምደባን ገምጋምን) | **IPRC** | እዚ ኮሚቴ እዚ ሓደ ህጻን ኣብ ርክብ፣ ኣእምሮኣዊ፣ ኣካላዊ፣ ባህሪ፣ ብዙሕ መዳያትን ዝያዳ ንዝምጥን ምደባ ፍሉይ ኮይኑ ክልለ ድዩ ኣይኮነን ዝብል ይውስን። |
| Ontario Education Number (ቁጽሪ ትምህርቲ ኦንታርዮ) | **OEN** | እዚ ብMinistry of Education ዝተመደበን ንውላድኩም ብመባእታን ካልኣይን ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዝቕጽልን ናይ ውላድኩም መለለዪ ቁጽሪ እዩ። |
| Ontario Student Record (መዝገብ ተመሃሮ ኦንታርዮ) | **OSR** | OSR ውላድካ ኣብ ናይ ትምህርቲ ዓመታት ዝነበሮ ናይ ትምህርቲ ምዕባለ ምስጢራዊ መዝገብ እዩ። ወለዲ፡ ርእሰ መምህራንን መምህራንን እቲ OSR ክረኽብዎ ይኽእሉ። |
| Special Education Advisory Committee (ኣማኻሪት ኮሚቴ ፍሉይ ትምህርቲ) | **SEAC** | እዚ ኮሚቴ እዚ ንኣማኸርቲን ምምሕዳር ቦርድ ቤት ትምህርትን ብዛዕባ መደባትን ኣገልግሎታትን ፍሉይ ትምህርቲ የማኽር። |
| Special Education Resource | **SERT** | እዚ መምህር ኣብ ፍሉይ ትምህርቲ |

| | | |
|---|---|---|
| Teacher (መምህር ጸጋ ፍሉይ ትምህርቲ) | | ተወሳኺ ብቕዓት ዘለዎ ኮይኑ ምስ መምህር ክፍሊ ኮይኑ ድሌታት ውላድካ ኣብ ምምላእ ይሰርሕ። |
| Special Equipment Amount (መጠን ፍሉይ መሳርሒ) | **SEA** | ምወላ SEA እቲ መሳርሒ ንዓወት እቲ ተማሃራይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ብብቑዕ በዓል ሞያ ዝምከር መሳርሒታት ንምዕዳግ ዝተቐመጠ እዩ። |
| Transition to School (ናብ ቤት ትምህርቲ ምስግጋር) | **TTS** | እዚ መስርሕ ምክፋል ሓበሬታን ምድላውን ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ናብ ሓድሽ ቤት ትምህርቱ ብዓወት ንኽኣቱ ዝሕግዝ እዩ። |
| Waterloo Catholic District School Board (ቦርድ ቤት ትምህርቲ ካቶሊካዊ ኣውራጃ ዋተርሉ) | **WCDSB** | WCDSB ኣብ ውሽጢ Catholic Schools ንዘሎ ብዙሕነት ድሌታት ተማሃሮ ንምምላእ መደባትን ኣገልግሎታትን ንምሃብ ይሰርሕ። |
| Waterloo Region District School Board (ቦርድ ቤት ትምህርቲ ኣውራጃ ዞባ ዋተርሉ) | **WRDSB** | መደብ ፍሉይ ትምህርቲ WRDSB፣ ነፍሲ ወከፍ ተማሃራይ ኣብቲ ዝበለጸ ጠቓሚ ናይ ትምህርቲ ሃዋህው፣ ትምህርቲ ክረክብ መሰል ኣለዎ ኣብ ዝብል ፍልስፍና ዝተመስረተ እዩ። |

መዘኻኸሪ፡

ውላድኩም ናብ ቤት ትምህርቲ ንኽሰጋገር ንምድጋፍ ብሓባር ኣብ ምስራሕ!